# ስውር መቕተልቲ፡ ኣብ ኤርትራ ልሙድ ተርእዮ ኲይኑ ኣሎ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
13.12.2009

መምህር ሓጐስ ብርሃነ፡ እተባህለ ዜጋ፡ ድሕሪ መቕተልቱ ሓደ ሰሙን፡ ሬሳኡ ኣብ ክፍላ ወርሒ ሕዳር 2009 ተደርብዩ ተረኺቡ። መምህር ሓጐስ፡ ምኽትል ሓላፊ ኮለጅ ናይ ተክኖሎጂ ኣብ ማይ ነፍሒ'ዩ ነይሩ። ነብስሄር ሓጐስ፡ ቅድም ክብል ኣብ ተሓኤ፡ ድሒሩ ድማ፡ ኣብ ስሙር ውድብ ክጋደል ድሕሪ ምጽናሕ፣ ድሕሪ ናጽነት ናብ ኤርትራ ከምዝተመልሰ ኢዩ ዝፍለጥ።

ምኽንያት መሞቲኡ ብስርዓት ኢሳያስ ክግለጽ እንከሎ፡ ከም'ቲ ልሙድ ነብሱ ባዕሉ ኣሕሊፉ ዝብል ኢዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምኽንያቱ ዘይፍሉጥ ስውር ቅትለታት ኣብ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ከጋጥም ዝጸንሐ ተርእዮ ምዃኑ ድማ፡ ዝዝከር ኢዩ።